ናብ ክቡር ባን ኪ-ሙን
ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት
ማእከላይ መደበር ሕቡራት ሃገራት፡ ኒው ዮርክ

13 ሚያዝያ 2010

ክቡር ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት

እዚ፡ ብዛዕባ ኣሰቃቒ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ኣመልኪተ፡ ናብ ኩሎም ኣካላት ሕቡራት ሃገራት፡ ብኣኹም ኣቢሉ ድማ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ናብ ካልኦት ኣባላት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ክበጽሓለይ ዝሰዶ ዘለኹ መዘክር፡ ካልእ ናይ ነብሲ ኣድሕን ጻውዒት ኢዩ። ትሕዝቶ ናይ ሎሚ መልእኽተይ፡ ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ እሱራት ኣብ ትሕቲ ጨካን ስርዓት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዘሕልፍዎ ዘለዉ ኣሕዛኒ ሃለዋት ንምግላጽ ዘተኰረ ኢዩ።

ክቡር ዋና ጸሓፊ፡

ኣብ'ዚ ቀረባ ሳምንታት፡ ሓደ ካብ'ቶም ሓለዋ ናይ'ቲ ኣብ ሰሜን ኣስመራ ዝርከብ ደረቕን ምውቑን ዝኾነ፡ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ ዝነበረ ሰብ ናብ ኢትዮጵያ ኣትዩ ኣሎ። ስሙ፡ ኢዮብ ባህታ ሃብተማርያም ይብሃል፤ ብናይ ኢትዮጵያ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኣቢልካ ንምርካቡ ውን ይከኣል ኢዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ንዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ዝሀቦ ዘሎ ናይ ዓይኒ ምስክር ጸብጻባት ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ዝብል ኢዩ።

1. ካብ'ቶም ቅድሚ 9 ዓመታት ኣቢሎም ዝተኣስሩ 35 ላዕለዎት ሰበስልጣን ዝነበሩን ደገፍቶም ተባሂሎም ብጥርጣረ ዝተኣስሩ ዜጋታትን ጋዜጠኛታትን 15 ዝኾኑ፡ ብስእነት ግቡእ ሕክምናን ብስእነት መኣዛ ዘለዎ መግብን ከምዝሞቱ። ኣብ መንጎ'ቶም ዝሞቱ፡ መሓመድ ሸሪፎ፡ ጀነራል ዑቕባ ኣብርሃን ካልኦት ሓሙሽተ ጋዜጠኛታትን ከምዝርከብዎም ይሕብር።
2. ካብ'ቶም ጌና ብህይወቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ ዘለዉ፡ 9 ኣካላውን ኣእሙራውን ማህሰይትታት ከምዘጋጠሞም። ወከልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ኣብ ዝተሳተፍሉ ናይ 2000 ዓ.ም ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ፡ ንኤርትራ ወኪሉ ዝዘተየ፡ ኣቶ ሃይለ ወልደትንሳኤ፡ ሚኒስተር ናይ ወጻኢ ጕዳያት ነበር፡ ዓይኑ ምሉእ ብምሉእ ከምዝዓወረን፣ ከምኡ ውን፡ እቶም ዝተረፉ ኩነታት ጥዕናም ድሓን ኣሎ ዝተባህሉ 11 እሱራት ከኣ፡ ን24 ሰዓታት ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ብፈሮ ከምዝእሰሩን ይገልጽ።
3. ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ዝውሃቦም ዓይነት መግቢ፡ ባኒ፡ ሽሮ፡ ብርስንን ሻህን ጥራሕ ስለዝኾነ፡ ቀስ ኢሎም ናብ ሞት የምርሑ ምህላዎም ዝሕብር ጸብጻብ ኢዩ ኣቕሪቡ።

ክቡር ኣቶ ባን ኪ-ሙን

እዚ ናባኻ ዝሰዶ ዘለኹ ናይ ተለግራፍ መልእኽተይ ናብ ኩሎም ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣካላ፤ ቅዳሑ ድማ፡ ናብ ኣህጉራዊ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀልን ካልኦትን ተሰዲዱ ኣሎ። ዕላማኡ ከኣ፡ ነዚ ኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ኣሰቃቒ ኩነታት ዝገልጽ ሓድሽ ሓበሬታ'ዚ

ዝግብኦ ትኹረት ሂብኩም፡ ብዝምልከቶም ኣካላትኩም ኣቢልኩም ንሓደጋ ተቓሊዖም ናይ ዘለዉ ኤርትራውያን ዜጋታት ህይወት ከተድሕኑን፡ ንስቅያት ናይ ህዝብና ከተቃልሉ ክትጽዕሩን ኢዩ።

ክቡር ዋና ጽሓፊ፡

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ ዝኸሰት ዘሎ ኣሕዛኒ ተርእዮ፡ ካብ'ቲ ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ሃገርና ዝፍጸም ዘሎ ኣሰቃቒ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፡ ጭልፋ ካብ ባሕሪ ኢዩ። ክሳብ 30,000 ዝኾኑ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ዝርከብዎም በማእት ዝቝጸሩ ኣብያተ-ማእሰርቲ ምህላዎምን፣ ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ማለት ብሰንኪ ሕጽረት ሕክምና፡ መግብን ማህረምትን ዝሞቱ ማእለያ ዘይብሎም ኤርትራውያን ከምዘለውን ዝፍለጥ ኢዩ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኣነ ኣቦ መንበር ናይ ሓደ ኣብ ስደት ዝርከብ ፖለቲካዊ ሰልፊ ዝኾኑ ሰብ፡ ነዚ ዝስዕብ ጠለባትን ክውሰዱ ኣለዎም ዝብሎም ስጕምትታትን ዘጠቓለለ ምሕጽንታይ ናባኻን ናብ ካልኦት እቲ ጕዳይ ዝምልከቶም ኣካላትን ብትሕትና አቕርብ ኣለኹ።

1. ሕቡራት ሃገራት፡ ምስ ኣህጕራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ተሓባቢሩ ዝሰርሕ ፍሉይ ናይ ሰብኣዊ መሰል ወኪል ክምዝዝን፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮን ካልኦት ኣብያተ-ማእሰርትን ክበጽሕን፤
2.  ሕብረት ኣውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ከኣ፡ እቲ ናብ ፍሉያት ኣካላት ዘትኰረ ናይ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ናይ ማዕቀብ ውሳኔ ቍ. 1907 ብዘይ ውዓል ሕደር፡ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ክጅምሩ፤
3. ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ህዩማን ራይት ዎችን ካልኦት ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቑ ማሕበራትን፡ ኵሎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቐርቡ ወይ ድማ ብህጹጽ ክልቀቑ ንስርዓት ኢሳያስ ክሓቱ። ብተወሳኺ፡ ኵሎም ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ማሕበራት፡ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝፍጽሞ ዘሎ ዕለታዊ ግፍዕታት ከቃልዑን፣ ነቲ ጠንቂ ናይ ዋሕዚ ስደት ኰይኑ ዘሎ ግፍዕታት ደው ንምባል ኵሉ ዝከኣሎም ጸቕጥታት ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ክገብሩን እጽውዕ።

ህጹጽን ቅቡልን መልስኹም እጽበ

ምስ ምስጋና



ወልደሱስ ዓማር
ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
EPDPchair@gmail.com

ቅዳሕ፡- (ብኢ-መይል፡ ፖስትን ወከልቲ ሰ.ዲ.ህ.ኤ)
ዶክተር ዓሻ ሮዝ ሚጊሮ፡- ምኽትል ዋና ጽሓፊት ሕቡራት ሃገራት፡ ኒው ዮርክ
ወይ/ ናቫነተም ፒለይ፡- ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፡ ጀነቫ

ኣቶ ጃኮብ ከለንበርገር፡- ፕረሲደንት ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል፡ ጀነቫ
ኣቶ ሀርማን ፋን ሮምፕዩይ፡- ፕረሲደንት ሕብረት ኣውሮጳ፡ ብሩክሰል
ወይ/ ሂላሪ ሮዳም ክሊንተን፡ ዋና ጽሓፊት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ
ሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳያት ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን
ጨናፍር ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ሀዩማን ራይትስ ዎችን
ካልኦት ቦታውያንን ኣህጉራውያንን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራትን